# መግለጺ ሓዘን

## ዓለምለኻዊ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራ - EYGM

እታ ንዳርጋ ሰለስተ ሰሙን ብዙሓት ኤርትራውያን ተሳፊርቲ ሒዛ ካብ ገማግም ሊብያ ተበጊሳ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ጠፊኣ ዝቐነየት መርከብ፡ ኣብዚ ሳልስቲ'ዚ ምስ ኩሎም ተሳፈርታ ግዳይ ማእከላይ ባሕሪ ምዃና ተፈሊጡ ኣሎ። በዚ ሓደጋ'ዚ ሰለስተ ሚእትን ዕስራን ሓሙሽተን ኤርትራውያን፡ ዓሰርተ ኢትዮጵያውያንን፡ ሓደ ምስራዊ መራሕ መርከብ ህይወቶም ከምዝሓለፈት ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ። ካብቶም ህይወቶም ዝሓለፉ ተጓዓዝቲ እተን ሱሳን ክልተን ደቀንስትዮ ክኾና እንከለዋ፡ ዓሰርተ ሰለስተ ድማ መዓንጣ ዘይቆጸሩ ህጻናት ምንባሮም ክንርዳእ ክኢልና ኣለና። እዚ ኣዝዩ ዘሕዝን ተረኺቦ እዩ።

በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ኣብዚ ቅነ'ዚ፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ስድራቤታት ዘይተሓሰበ መርድእ ናይቶም 'ደሓን ይህልዉ' ኢልን ተስፋ ዝገብራሎም ዝነበራ ኣባላተን ክቕበላ እየን። ከም ደቂ ህዝቢ መጠን፡ እዚ መርድእ ኣዝዩ የጉህየና፡ ተኻፊልቲ ናይዚ ድቃስ ዝኸልእ ሓዘን ምዃንና ድማ ንገልጽ።

ንጠንቂን ተሓታትነትን ንጻባጸበሉ እዋን ግዝይኡ እኳ እንተሃለዎ፡ ሎምን ኣብዛ መራር ግዝየ ሓዘን እዚኣን ግና፡ ነቶም ዝሓለፉ ኣሕዋትና ኣሕትናን ፈጣሪ ናይ ዘለኣለም ዕረፍቲ ክህቦም ንምነየሎም፡ ንኹሎም ስድራቤት እዞም ኣሓዋትን ኣሓትን ድማ "ጽንዓት ይሃብኩም" ንብል። ንመራሕቲ ሃይማኖታትን፡ ወራዙት ዓበይቲ ዓድን ድማ፡ ኣብ ርእሲ ልቦም፡ ንሕዙናት ዘጸናንዑ፡ ሞራል ሓዘንተኛታት ብመሪር ሓዘን ተዳቒቑ ከይተርፍ፡ ሓፍ ናይ ምባሉ ከቢድ ሓላፍነት ከምዘለዎም ዘኪሮም፡ ኣብ መሳጊድ፡ ኣብያተ ክርስትያንን፡ ኣብ ቤት ሓዘንተኛታት ብምብጻሕ ዘጸናንዑሉን ስድራቤት ትብዓት ንኽሕድሩ ዝድርኹሉን እዋን ምዃኑ ነዘኻኽር።

ዓለምለኻዊ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራ - EYGM
8 ሚያዝያ 2011